„ሓጺር ሃገረ-ጀርመናዊ ሓዋርያዊ ኩነት ሕዝበ-ሓበሻ“

እዚ ሓበሬታ'ዚ ኣብ ክልተ-ደርቢ ክምቀል ይክኣል። ማሕበራውን፡ ሃይማኖታውን ዝብል።

መብዝሕትኡ እቲ ኣብ ሕብረተሰብ-ጀርመን ቦታ ክረክብ ዕድል ዝረኸበ ናይ መጀመርያ ማዕበል-ስደት ዝኾነ ሕዝብና፡ ካብ ከባቢ.ታት 1980 ዓመተምሕረት ኣቢሉ ዝተቀላቀለ፡ ንመንንኖኛን ንንኡስ ዕድመን ዘጠቃልለ ዕቊብኛ'ዩ ነይሩ። እቲ መረገጽ እግሮም ክኸውን ዝተረኸበ ባይታ-ሃገር ኸዓ፡ መሠል ስደተኛን-ጥቁዕን ክሕሉ ዝፍትን ሕገ-መንግሥትን፡ ምሕደራን፡ ዘሎዎ ሃገር ስለዝኾነ፡ ብኸፊሉ እቲ ስደተኛ-ሓበሻ፡ ነቲ ዝተጠዋሓሉ ናይ ምንባርን-ምዕባይን ዕድሉ ንኽጥቀመሉ ብዙሕ መዓንቀፊ ዝኾነ-መሰናኽል ኣይረኸበን። ብግላዊ ስንፍና ዝተረኸበ ጉድለት እንተዘይኰይኑ።

በታ ካልኣይቲ ክፋል፡ ብሃይማኖታዊ-መዳይ ብዝኾነት እንተተመልከትና'ውን፤ ዓዲ-ክርስትናን፡ መሠል እምነታትን ዘኽብር ስለዝኾነ፡ ነቲ ኣማኒ ዝኾነ ስደተኛና፡ ዘሰንብዶ ሃዋሁው ኣይተጓነፎን። እኳ'ውን ድኣ ነቲ ጊዚያዊ ግዳማዊ ናይ ንብረት ኩነታቱ ዘቃልለሉ ናይ ምርጫ ጐደናታት ከብዝሓሉ ተረኺቡ። እዚ ማለት፡ ብምኽኒት ናይ እምነት፡ ኣብ'ቲ ቊምስናታት ድዩ ወይስ ቀበሌታት እንበሎ፡ መሽጐሽጐ-ጐዳጉዲ ክረኽቡ ክኢሎም።

ብካቶሊካዊ እምነት ዝምራሕ ካቶሊኽ ዝነበረ፡ ኣብ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን፣ እምነት-ተዋህዶ ዝኸተል ዝነበረ፡ ካቶሊኽ ወይ'ውን ኣብ ናይ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን እምነት፣ ተተባሂሉ፡ ብፍላይ ንነኣሽቱ ደቆም ኣብ ሓዲኡ እምነት-ክርስትና ከምዝምዝገቡ ብምግባር፣ ወይ'ውን ብመርዓ ምትሕውዋስ፣ እቶም ኣስላም ዝኾኑ ኸዓ ምስ ክርስትያን መርዓ ብምግባር፣ ነቲ መንፈሳዊ መዳይ መንነቶም ከረጋግጹን ነቲ ማሕበራዊ-ጸገማቶም ከምዝቃለል ክገብሩ ክኢሎም። ነቲ ዝነበረን-ዘሎን ሕይወታዊ-ኩነት ናብ ዝሓሸ ደረጃ ንምእንቲ ክሓልፈልካ ኢልካ ንእትገብሮ መትልኽባጥ ናይ እምነት ናብ ጐኒ ግድፍ ኣቢልካ ማለት'ዩ። ጸገማት ኣይነበሮምን-የሎንን ማለት'ውን ኣይኮነን። እኳ'ውን ድኣ፡ ነቶም ናይ'ዚ ኤውሮጳዊ መሠረተ መዕበያ፡ ብኣጋኡ ንዘይጀመርዎ ዓቢይ ናይ ባህሊ-ስንባዴ ኣብ ጉዕዝኦም ክፈጥረሎም ክኢሉ። ገና'ውን ነቶም ሕጂ ንዝቀላቀሉ'ውን፡ ካብ ትጽቢቶም ዝተፈልየ ኰይኑ ስለዝረኸብዎ፡ እቲ ስንባዴ ቀጻሊ ኰይኑ ይርከብ ኣሎ። ናይ'ቲ ሓዲስ-ወለዶ ኩነት-ግን ዝተፈልየ ምኻኑ'ዩ። ብዙሕ ናይ ትንተና ዘረባ ከወሃበሉ ዝከኣል'ውን'ዩ። ብሓጺሩ-ግን፡ ንሳቶም'ውን ኣብ'ዚ ዝተወልዱን ዝዓብዩ ዘሎዉ'ውን'ኳ እንተኾኑ፡ ወትሩ ኣብ መንጎ ክልተ-ባህሊ ተቀርቂሮም፡ እንታይ ንግበር ኣብ ዝብል ብምውዳቅ፡ ንኽልቲኡ ንክኸስቡ ከምዝቃለሱ ጭብጣዊ-ርኡይ ተመኩሮ'ዩ። ብሕጽር ዝበለ ጽሑፍ፡ ጸሚቊካ ክትድምድሞ ዘየዕግብ ስለ-ዝኾነ እንብኣር፡ ነዚ ሰፊሕን ዝተፈላለየ ጨነፍርን ዘሎዎ ኩነታት ሓዲስ-ወለዶ ናይ ሕዝብና፡ ብፍላይ ኣብ ሃገረ-ጀርመን ማለት'ዩ፣ ኣብ ናይ ሕቶን መልስን ዘተና፤ ጊዜ እንተተረኺቡ ኣሰጋጊረዮ'ሎኹ።

## ሕጂ እንብኣር፣ ከም'ቲ መሠረተ-ኣርእስተ-ጉባኤና፡ ሓደ-ክልተ ሕጽር ዝበላ ነጥብታት ክትንትን።

ሕመረት ናይ'ዚ መንፈሳዊ-ጉባኤና፡ „ንሕናን-ሰበኻናን“ ዝብል ስለዝኾነ፡ ነቲይ „መንነትናን-ግዴናን-ተወፋይነትናን“ ብኸመይ „ነለልዮን-ንተግብሮን“ ንዝብሉ ምልኣተ-ሓሳብ ክሓንጹ ንዝኽእሉ ቃላት ብገርሃይኛን - ሕውነታዊ ብዝኾነ ኣዘራርባ ኣብ'ዘን ዝተዋህባኒ ውሑዳት ደቃይቅ፡ ከበራርህ ክፍትን'የ።
„ኣበርክቶ ምእመናን“፤ ከም ሃገራውያን ወይ ከም ኤርትራውያን መበቊል ዘሎዎም ዜጋታት፡ ኣብ'ዙይ ናይ መንነትን፡ ናይ ግደን፡ ናይ ተወፋይነትን ተግባር ዝሕተተሉ ኩነት፡

ከመይ ዝኣመሰለ ውጽኢት ከምጽእ ይግብኦ ንዝብል ቀዳማይ ነጥቢ ናይ'ቲ ቀዳማይ-ክፋል ሓተታ ከበራራህ ይግብኦ።

ኣርእስተ-ጉባኤና ኰይኑ ንዘሎ ኩነት፡ ተዋሳእቱን ተሓተቱን፡ ጉባኤኛታትን-ወከልቶምን ዝኾኑ፡ እቶም ዅሎም ሃገራውያን ወይ ከዓ ደቂ'ቲ ዞባ ምዃኖም'ዮም።

ነዚ መሠረት ብምግባር ኸዓ፡ ሓደ-ውሉድ፡ ሓለገት ዝኾና መበቈለ-ተውልድን፡ መዕበያን ስለ-ዝርከቦ፡ ከም ናይ'ቲ ቦታ ዜጋ፡ ከማልኦ ወይ ከዓ ከበርክቶ ንዝሕተቶ፡ ሰንሰለታዊ-ሓላፍነት፡ እዚ'ዩ፣ ከም'ዚ እንተኾነ ከዓ ይሓይሽ ኢልና፡ ሓናጺ ሓሳባት ከም-ትምህርተ-መርሖ ከነቕርብ፡ እዚ ጉባኤ'ዚ ተተሊሙ'ሎ።

→ „ከም ካቶሊካውያን“ መጠን፡ እንራኸበሉ ነጥብና ሓደ፣ እንምገቦ መኣዲ ሓደ፣ እንኣምኖ እምነት ሓደ፣ እንጥመቆ ጥምቀት ሓደ፣ እንእዘዞ ጓሳ ሓደ፣ እንሓብሮ ቤት እንኮ-ሓደ-ብምዃኑ፣ እቱይ እነበርክቶ ግዴና፡ ሓደ ካብ ናይ-ሓደ ከምዘይበላለጽ'ዩ። እዚ ማለት፡ ነፍስወከፍ ምእመን፡ ብካቶሊኽነቱ ዝበሰለ ዘበለ፡ ከከም ተውህቦኡን-ርኽቡቱን-ጥበቡን፡ ንዝሕተቶ መንፈሳዊ-ግዴታ ከማልእ ክርከብ፡ ከም-ዝግብኦ'ዩ።

እቱይ ካቶሊካዊ-ጠባይ ብዅሉ-ሸነኻቱ „ሓደ-ሓደ-ሓደ“ ካብ ኮነ፣ እቱይ ኣበርክቶ ኸዓ ሓደ ክኸውን ይግብኦ። ማለት ንፍስወከፍ ከከም ጥበቡን-ሓይሉን-እቱይ ናይ ኣበርክቶ-ሱታፌ፡ ሓድነቱ ከረጋግጽ ክርከብ ኣሎዎ። ነቲ „ግዴታ“ ዝብሎ ንዘሎኹ ቃለ-ኣጋንኖ ኸዓ ብኣሃዛዊ ብዝሒ ክትርድእዎ ከይትርከቡ ተስፋ'ሎኒ።

→ „ከም ደቂ-ሰበኻ“ ወይ'ውን ብዕምቈ ዝበለ ኣጠማምታ „ከም ተወላዶ ደቂ-ሰበኻ“ መጠን፡ ብፍሉይ ዓይኒ ዝጥመተሉ ኩነት ኣሎ። ንዝወለዱኻ ወለዲ፡ ኣብ ጊዜ-ቍልዕነት ከም ዝናበዩኻ፡ ኣብ ዘመን-ሽምግልናኦም ድዩ፡ ወይስ፡ ኣብ ካልእ ኩነታት ክትናብዮም፡ ብሕልናውን-ማሕበራውን መዳይ፡ ብሓላፍነት ከምእትሕተቶ፣ ብልክዑ ኸዓ፡ ነታ መንፈሳዊ-ስንቂ ዘስነቀትካ ቤተክርስትያን፡ ናይ ሓልዮት ኢድካ ክትዝርግሓላ ግቡእ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ናይ ሓላፍነት-ሸኽሚ ስለዝኾነ፡ ኣበርክቶና ክቕንስ ከምዘይግብኦ ክንፈልጦ ዝግብኣና ነጥቢ'ዩ።

<u>„ኣበርክቶ ካህናት (ቤተክህነት)“፤</u> ከም-ላእካነ-ወንጌልን ጓሶተን መጠን፡ ዓውድን-ዓድን ዘይብሎም ብምዃኖም፡ እቱይ መንፈሳውን-ማሕበራውን ኣበርክቶኦም፡ ሌላን-ጕሌላን ክህልዎ ከምዘይግባእ ንዅሉ ንጹር ክኸውን የድሊ። ዓይኒ-ጓሳ (ካህን)፡ ብዓይኒ-ቤተክርስትያኑ ዝጥምት፣ ልሳን-ካህን ብቛንቛ ቤተክርስትያን ዝዛረብ፣ ኣእምሮ-ካህን ብጥበብ ቤተክርስትያን ዝሓስብ፣ ተግባር-ካህን ፍቅሪ ቤተክርስትያን ዝእውጅ ክኸውን ክርከብ የድልዮ።

ሻቡ ኸዓ'ዩ፡ እቱይ ሃገራውነትን-ሰበኻውነትን ዝብል ኣጠማምታ፡ ነቱይ ጓሳ ኣብ ግቡእ ቦታኡ ኣቀሚጡ፡ ነቲ ተግባሩ ሓባራዊ ኣበርክቶ ከምዝሃበን-ከምዝህብን ከግብሮ ዕድል ዝህብ።

በዚ ኸዓ'ዩ ጓሳ-ሕዝቢ (ቤተክርስትያን) ንዅሉን፡ ኣብ ዅሉን፡ ናይ ዅሉን ኰይኑ እንተተረኺቡ፡ ኣበርክቶኡ፡ ብዓይኒ-ሓባራዊነት ክጥመትን ክፈርን ዝኽእል። እዚ መንፈሳዊ ጉባኤና'ውን፡ ነዚ ነጥቢ'ዚ፡ በዚ ዓይኒ'ዚ ክርእዮን ክርድኦን ነተባብዕ።

<u>„ሓዋርያዊ ተልእኮ“፤</u> ነፍስወከፍ ምእመን፡ ብጸጋ-ጥምቀት ኣባልነቱ ኣብ ማሕበረ-ክርስትያን ዘመስከረ፡ ሓዋርያዊ-ተልእኮ ኣሎዎ። እዚ ኸዓ፡ ብነፃነትና፡ „እወ“ ብምባል ኪዳን እንኣትዎ መብጽዓ ምዃኑ'ዩ። ብሃገራውነት፣ ብካቶሊካውነት፣ ብደቂ-ሰበኻነት፣ ብጕስነት፣

ዝኣመሳሰሉ ደርብታት ዝፍጸም ዕዮ'ውን'ዩ። ናይ'ዚ ዕዮ'ዚ ተኻፈልቲ ብምኳና ኸዓ፡ ንሕና ናይ ሎሚ ጉባኤኛታት፡ ነዚ ተልእኾ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ዘዘሎናሉ ዞባን - ሃገራትን፡ ሓናጽን-ኣፍራስን ጕንታቱ፡ ብቅኑዕ ሕልናን፡ ብጥበባዊ-ሜላን፡ ክንኣስዮን ክንጸጽዮን ይግባእ።

ንዘሎካ ተልእኮ፡ ንሓያልን ንድኹምን ጕንታቱ ኣነጺርካ ንኽትፈልጦ ክሕግዘካ ዝኽእል ኩነት እንተሃልዩ፡ ብቀዳምነት፡ ኣብ'ቲ ግቡእነትካ ተዋሳኣይ ኰንካ ምርካብን፡ ኣብ'ቲ ናይ ከባቢኻ ኩነተ-ጠባይን ማሕበራዊ ምንቅስቓሳትን ግደ-ዘሎካ ክትክውን የድሊ። ንኽልተ-ሰለስተ ወይ'ውን ካብኡ ንዝዘየደ ዝተፈላለየ ገጽታ ዘሎዎም ወይ'ውን ዝነበሮም፡ መራኸቢ መግበሪ ድልድይ ንኽህሉ ኣድላዪ'ዩ። እንተዘይኰይኑ፡ ብስኣን ሰንሰለታዊ-ርክብ፡ ምስ'ቲ ዘሎኻሉ ቦታን፡ ምስ'ቲ ክትገብሮ እትህቅና ናይ መበቍል ትውልድኻ ሰበኻን፡ ዝላሕልሖ ወይ'ውን ዘይተፈትለ-ፈትልን ኰይኑ ክርከብ ይክኣል።
ነዚ ነጥብታት'ዚ መሠረት ብምግባር ኸዓ ኢና፡ ነዛ ሓዳስን፡ እትዓቢ ዘላ ሰበኻ መበቍል-ትውልድና፡ ብሓዋርያዊ ተልእኾና ገይርና፡ ወቅታዊ ዝኾነ ርክብ ክንገብር የድልየና እንብሎ ዘሎና።

እንብኣር፡ ጭብጢ ዝኾነ ሕቶታት ብምሕታት፡ „ንሕናስ መንነትና ካብ ተገንዘብና፣ ግዴና ካብ ፈለጥና፣ ተወፋይነትና'ውን ካብ መስከርናን ካብ ተቀበልናን፣ ነዛ ዝኾስኰሰትና መንፈሳዊት ቤት ብንዋት ዲና እንሕግዛ፧ ወይስ ብጕልበት፧ ወይ'ውን ብምኽሪ፧ ወይ'ውን ብኻልእ ገላዊ ፈጠራ፧??... ንሕና ካብ'ቲ ዘዘሎናዮ ዞባ-ዓለም ብበብ'ቲ ተመኵሮና ዝደለብናዮ ትዕዝብቲ ኣሎና። ነቲ ዝመጽእ ወለዶን፡ ነቲ ኣብ ዓዲ ንዘሎን፡ ብሰናይ ኣርኣያና ክነስተምህሮ የድሊ። ሰብ ሎሚ'ሎ፡ ጽባሕ-ግን የሎን። እቲ ሰናይ ተግባር-ግን ከም-ታሪኽ ነባሪ'ዩ።

**ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝክኣል ነጥቢ፣ ካብ'ቲ „ብንዋት" ንሰበኻ ክሕገዝ ይክኣል'ዩ ዝብሃል፣ „ከም-ውርሻ" ዝኣመሰለ ነገር'ዩ። ቅድሚ ሞት ብዕላውነት ለበዋ ሂብካ ዝግደፍ ንብረት፡ ብኽፊል ወይ'ውን ብምልኡ፣.....

**ብጕልበት ክሕገዝ ይክኣል'ዩ ዝብሃል፣ ብሕይወት እንከሎኻ፡ ብበቢ ዘሎካ „ሞያ"፡ ብነፃ-ጕልበት፡ ናይ ትምህርቲ፣ ናይ ሕክምና፣ ናይ ሕንፃ፣ ናይ ሕርሻ...ወቦዘእንተ...ብዝኣመሳሰሉ መዳያት ግዴኻ ንዕብየት-ሰበኻ ምብርካት።

ብፍላይ ኸዓ ነቲ ዝዓብን፡ ወራሲ ክኸውን ንዝግስግስ ሓዲስ-ወለዶና፡ ኣብኡ ንኽድህብ ምትብባዕን፡ ብተግባር ኣርኣያ ምሃብን።

ሎሚ ኣብ'ዙይ ዘተ'ዙይ ክሳተፉ እንተዘይተረኽቡ'ውን ክትነግሩዎም ንእትኽእሉ ኣቅመ-ኣዳምን-ሔዋንን ዝበጽሑ ዝተባረኹ ውሉድ እንተሃልዮምኹም እንተኣካፈልኩምዎም፡ ከየፍረየ ኣይተርፍን'ዩ።

**ብምኽሪ ክሕገዝ ይክኣል'ዩ ዝብሃል ነጥቢ'ውን፣ ዓቢይ ኣስተዋጽኦ ዘሎዎ'ዩ'ሞ፡ እቲ ሓዋርያዊ ተልእኮና፡ ክዓብን ኣስተውዕሎ ክግበረሉን፡ ክትግበርን ኣሎዎ እየ ዝብል'ሞ፡ ኣምላኽ ልቦናና የዕብየልና፣ ምሃብ ክምእንለማመድ ኸዓ ይግበረልና፣ ብኽመይ፡ እቲ ዝህብ ብዝያዳ ከም-በረኸት ኰይኑ ይውሰኸሉ'ዩ ዝብል ትምህርቲ ስለዝተመሃርናን ብተመኵሮ ስለዝተዓዘብናን። እግዚኣብሔር ይባርኽ።

ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ
12/06/2020
Columbus